# ነባሪ ኽብርን ዝኽርን
# ንኣኻትኹም ይኹን ስዉዐት ኤርትራ!!
**19.06.2006 ብሰሎሙን ጸጥሮስ**

ነደቕቲ ታሪኽ ሐወልቲ ኤርትራ
ሞያኦም ዘይርሳዕ ዓለም ክሳብ ዘላ
ኣብ ጎቦታት ዝተረፉ ሊኢኾም ባንዴራ
ነባሪ ኽብርን ዝኽርን ንኣኻትኹም ብሐበራ።

ኣስማትኹም ነባሪ እዩ ኣብ ብራና ሰፊሩ
ዓበይቲ መማህራን በኻ ሕዝቦም ዝቕበሩ
ብዉርቂ ቀለም እተጻሕፈ ሐኻኺ ዘይብሉ
እዝክረኹም ኣሎ ዜጋኹም ብሐባር ብኹሉ።

እወ ታሪኻትኹም ምዝጉብ እዩ ብቀይሕ ቀለም
ንውጹዕ ሕዝብኹም ዘፍለኾኹምዎ ኣብ ዓለም
ባንዴራና ዘንበልበለት ብናታትኹም ደም
ዛህራ ኣለም ጎይለ እድሪስ ወዲ ኣደም
ካብቲ ቦኽሪ ስዉእ ክሳብ ዳሕዘዋይ ዘበን።

ኩርዓት እስምዓኒ ንኣኻትኹም ክዝኽር
ሞያኻትኹም ዘርዚረ ኻኹሉ ክነግር
ወዶም ጓሎም ሠራሕቲ ምስትንክር
ብሽምዓ ዝዝኸሩ መንነቶም ክቡር ።

ፈጸምቲ ቅያ ናይ ምብራቕ ኣፍሪቃ
ብሕይወቶም ዝብጀዉ ንክብሪ ኤርትራያ
ዘርዚርካ ኣይውዳእን ናታትኹም ቅያ
ኣዕጽምትኹም እዩ እውን ንህገርና ፍቕያ።

ኣጎዋት ንዘምረሎም ንስዉዐት ጀጋኑ
ብፍቕሪ ሀገሮም ሐመድ እተደፍኑ
ግቡእና ንፍለጥ ስዉዐት ክቀስኑ
ብመስዋዕቶም እዩ ሕዝብና ካብ መግዛእቲ ድሒኑ።

ሐቀይና ኣምሳኽ ናይ ጥበብ ጐይታ
ንጀጋኑ ስዉዐትና ሃቦም ሩፍታ
ኣብ ዘዝወደቅዎ ቦታ ሃቦም እፎይታ
ብደሞም ኣዕጽምቶም እዮም ሠሪሖም ዛንታ።

ብትዕቢት እንተ ተረግጸ ለበዋ ስዉዐት
መሰል እንተተጋህሰ ንጊዜኡ ብስሱዓት
ኩሉ ክስገር እዩ ብሕዝባዊ ጽንዓት
ህልዋት ነጽንዓያ ናይ ስዉዐት ልዓት
ኣብ ዝኸድዎ የብሎምን ኣዞም ከድዓት።

ሳላኻትኹም እዩ ስዉዐትና ናጽነት ተረኺቡ
ለበዋታትኹም ኣይነብርን ጠቀር ግመ ተጎልቢቡ
ዘሕዝኑስ እቶም ዉሑዳት ምስ ምልኺ ዝኽልቡ
ብራዕዲ ውልቀሰብ መሻኺ ልቦም እተሰልቡ።

አንነት ኣጎዋት ንዘምር ደጊምና ደጋጊምና
ብስኒት ብፍቕሪ ንዘክሮም ምሉኣት ጀጋኑና
እዛ ዕለት እያ መራኽቢት ምስ ስዉኣትና
ምእንታና እዮም ዝሓለፉ መኺኹም ቅድሜና።

ክመጽእ እዩ ጊዜ እንሕጐሰሉ
ስየ ዓቲርና ዕልል እንብለሉ
የሕፍር ሕግደፋውያን ብስዉእት ከሽካዕልሉ
ንውልቓዊ ዝና ኣይኾነን ጀጋኑ እተቐብሩ።

ርሑቕ ኣይኾነን ቀሪቡ እዩ እዋኑ
ደቂ ሀገረይ ርእስታትኹም ኣይተድንኑ
ሐቢርና ንመኸት ሰማእታት ክቐስኑ
ለበዋታቶም ኣይነብርን ብሐሶት ተሸፊኑ።

ሐድነትና ይደልድል ኣኣብ ዘሎናዮ ስፍራ
ነባሪ ኽብርን ዝኽርን ንሰማዕታት ኤርትራ
ሕፍረትን ስዕረትን ንህደፋዉያን ጭፍራ።